# ተማበኸቲ ንመሰል ነጻ ጋዜጠኛታት
## ቶሮንቶ፣ ካናዳ

## ክፋል - 1
## መራኸቢ-ብዙሓንን ውርሻ ዋተርገይትን

መራኸቢ-ብዙሓን(Media) ከም ሬድዮ፣ ቴለቪዥን፣ ኬብል፣ ሳተላይት፣ ጋዜጣ፣ ኢንተርነት፣ ሲነማ . . ወዘተ፣ ኣብ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓታት፣ 100% በቲ ውልቀ-መላኺ ይውነኑ። ነቲ ውልቀ-መላኺ ድማ ፖለቲካውን ፕሮፓጋንዳውን ውደሳውን ኣገልግሎት ይህብሉ። እቲ ምሉኽ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ መራኸቢ-ብዙሓን ክመራመር፣ ክካታዕ፣ ነጻ ርእይቶ ከፍስስ ወይ ቅሬታ ከስማዓሉ ብሕጊ ክልኩል ኢዩ።

ኤርትራ ሃገርና ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ደርግ ኮላ፣ መራኸቢ-ብዙሓን ኢትዮጵያ ንስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም በንቁሪ ፕሮፓጋንዳዊ ነፍሒታት ክዝርግሕሉሉን "ቆራጡ ኣብዮታዊ መሪ" እናበሉ ድማ ወደሳዊ ለምጭመጫት ከካይድሉን ውዒሎም ይሓድሩ ነበሩ። ሕጂ ድማ መራኸቢ-ብዙሓን ኤርትራ ንስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከም "ሓርነታዊ፣ ብኹሉ ፍቱው፣ ብላዓት ዘይሳዕረረሉ ኣመራርሓ" እናበልካ ብዑብታ ንዜጋታት ምቑብቋብ ልሙድ ኢዩ። ንኢሳያስ ድማ ተምሳል ናይ "ይከኣሎ ኹሉ ዝሰዕሮ፣ መተካእታ ፍጹም ዘይርከቦ መራሒ" እናበሉ ንወዳጆ ዝግባእ ኩሉ ክብረ ጎምባሕባሓዊ ወደሳታት ከኣ መስፈሪ የብሉን። ገና ሳሕሎም ከለዉ'ውን "ወዲ ኣፈወርቂ" ምስ ኣማልኽቲ እምበር ምስ ወዲ ኣዳም ክዳረግ ዘይግብኦ "ምቅሉል፣ ዘይሓሻሽ፣ ሓለፋ ብጮቱ ዘይደሊ ብጫይ" እናበልካ ምልምማጭ፣ ንወዳጆ ተፈልይዎም ኣይፈልጥን ኢዩ ብቐደሞም። መራኸቢ-ብዙሓን ገድሊ ከኣ፣ ብረድዮ ኮነ ብውድባዊ ልሳን፣ ነዚ ወደሳታት የዕዚዝካ ነቶም ተጋደልቲ ጎምባሕባሕ ከምዝብሉ ምግባር ነበረ።

ኣብቶም ብርኽሮዋዊ ስርዓት ዝተኸሉ ሃገራት ናውትታት ሚድያ በጻብዕቲ ዝቑጸሩ ውሑዳት ርእሰ-ማላውያን ዝተወነነን ዝህብዎ ኣገልግሎት ድማ ቀዳምነት ነቲ ናታቶም ኣይድዮሎጂ ወይ ፋይናንሲያዊ ኣጀንዳ ዘገልግልን ኢዩ። ይኹን'ምበር ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰልን ልቸንሳዊ ውዕላትን ኮሚሲዮናዊ ደምብታትን ስለ ዘለዉ (ንኣብነት FCC ኣብ ኣሜሪካ፣ CRTC ኣብ ካናዳ) ሓፋሽ ህዝቢ ተጠቃማይ ናይ መራኸቢ-ብዙሓን ክኸውን ኣኽኢልዎ ኢዩ። መራኸቢ-ብዙሓን ንህዝቢ ብመጠኑ ነጻነቱ ዝሓለወ ሃገራውን ኣህጉራውን ዜናን ሓበሬታን፣ ብሰበ-ስልጣናት ዝፍጸሙ ዝርወትን ብላዓትን ከም *ስፖንሶርሺፕ ፕሮግራም(ካናዳ)*፣ ብብሉስያ ዝፍጸሙ ህስያታት ከም ናይ *ሮድኒ ኪንግ(ኤል. ኤ.)*፣ ውግኣዊ ቅዝፈታትን ኣረሜንነትን. . .ወዘተ፣ ንህዝቢ ጠቓሚታ ዘለዎም ኣገልግሎት ይህቡ ኢዮም።

ሳሕቲ፣ ኣብ ሊበራላውያን ሃገራት መራኸቢ-ብዙሓን መንግስታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ተራታት ይጻወት ኢዩ። ንኣብነት ጋዜጣ *ዋሺንግቶን ፖስት*፣ ናይ *ዋተርገይት ብዕልግና* ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓቢ ውዲት ኣቃሊዓ ንፕረሲደንት ሪቻርድ ኒክሰን ካብ ኮረሻ ስልጣን ከምዝወርድ ኣብ ምግባር፣ ዓቢ ተራ ተጻዊታ ኢያ። ኣብ June 17, 1972 ሓሙሽተ ሰባት፣ ኣብ ሕምብርቲ ቁሽታዊት ዲ. ሲ. ዝርከብ፣ ዋተርገይት ዝተባህለ ዓቢ ኦፊሰ-ሆቴላዊ ህንጻ ሰላሕታዊ ስብራ ኣካይዶም ናብቲ ናይ ደሞክራቲክ ፓርቲ ዋና መደበራዊ ቤት ጽሕፈት ብምእታው፣ ዘይሕጋዊ ሃሱሳዊ ስርሒት ከካይዱ ከለዉ ብፖሊስ ተታሒዞም ከምተኣስሩ *ዋሺንግቶን ፖስት* ገለጸት።

እቶም ናይ ውገሳዊ መጥባሕቲ ጓንትታትን ባኖታትን ዝወደዩ ሓሙሽተ ሃሱሳውያን፣ ዝተራቐቑ ናይ ስለያን ጽንጽንታን ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑት(ሕቡእ ማይክሮፎንን ናይ ቴለፎን ዘርባታት ብስዉር ሪኮርድ ዝገብሩ መሳርሒታትን) ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት እናሰኹዑን ንምስጢራት-ሓዘል ደኮመንትታት ፎቶግራፋት ንምልዓል እንተቐራረቡን ከለዉ ብፖሊስ ተታሕዙ።

እቶም ናይ ውገሳ ጓንትታትን ባኖታትን ዝወደዩ ሓሙሽተ ሃሱሳውያን ዝተራቐቑ ስለያውን ጽንጽንታውን ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑት(ሕቡእ ማይክሮፎንን ናይ ቴለፎን ዘርባታት ብስዉር ሪኮርድ

---

FCC ኣሕጽሮተ-ቃል ናይ Federal Communications Commission ኢዩ።
CRTC ኣሕጽሮተ-ቃል ናይ Canadian Radio-television & Telecommunications Commission ኢዩ።
ክልቲኦም፣ ንኣየራዊ ስርጭትን ኮሙኒከሽናዊ ጉዳያትን ዝቆጻጸሩን ሕግታት ዝሰርዑን መንግስታውያን ኣካላት ኢዮም።

ዝገበሩ መሳርሒታትን) ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት እናሰኹውን ንምስጢራት-ሓዘል ደኮመንትታት ፎቶግራፋት ንምልዓል እንተቐራረቡን ከለዉ ብፖሊስ ተታሕዙ።

ዕላማ ናይቲ ሃሱሳዊ መደብ ካብዚ ስልያ ዝተገፈ ምስጢራዊ ምህርቲ ተጠቒምካ ንደሞክራቲክ ፓርቲ ብጥበብ ጉዶም ከምዝቃላዕ ጌርካ ንምዕናዎምን ህዝባዊ ተቐባልነቶም ኣትዒልካ ኣብ ፕረሲደንታዊ ምርጫ ከምዘይዕውቱ ንምግባሮምን ነበረ። ከምኡ'ውን ጸለመ-ትሕሽካ ንምክያድን ዘራፍ ኢሉ ርእሱ ሓፍ ሓፍ ንዝበለ ደሞክራት ከኣ ዝተቐረመ ጉደ-ምስጢራቱ ናብ መራኸቢ-ብዙሓን ፈኒኻ ብምሕዳግ ንሓዋሩ ከምዘይሰርር ንምድርቋሱን ዝኣመተ መደብ ነበረ። ኒክሰን ድማ ኣብ ምርጫ ብዘይ ብድሆ ናይ ኣድማዒ ተወዳዳሪ ንካልኣይ ግዜ ከምዝዕወት ብምግባር ኣብ ኮረሻ ስልጣን ንምቕጻል ነበረ።

ኣብዚ ዘይሕጋዊ ስብራ ናይ ዋተርገይት፡ ምምሓዳር ኒክሰን ምስቶም ሃሱሳውያን እሱራት ቀጥታዊ ምትእስሳር ከምዘለዎን ካልኡት ናይ ዋይት ሃውዝ ምስጢራትን ጋዜጣ ፖስት በብእዋኑ ተቃልዖ ነበረት። ምምሕዳር ኒክሰን ብወገኑ ነቲ ዝፈጸሞ ወንጀል ካብ ህዝቢ ኣሜርካ ንምሽፋኑን ንጋዜጣ ፖስት ንምድንጋርን ጸቕጢ ንምግባርን ዘይተጠቕሞ ፍሕሶታትን ሽጣራዊ መናውራታትን ኣይነበረን።

እንተኾነ ጋዜጠኛታት ፖስት፡ ኣቶ ካርል በርንስቲንን ኣቶ ቦብ ዉድዋርድን እቶም ሃንደስቲ ናይቲ ውዲት መን መን ምኻኖም፡ ጽፍሒታቶም ኣብ ዋይት ሃውዝ፡ ኩሎም ቀለቤታትን ገንዘባዊ ምንጭታትን፡ ዝካየዱ ዝነበሩ ተንኮላዊ መናውራታት . . . ወዘተ ብምልኡ ኣቃልዕዎ። ኣብ መጨረሻታ ከኣ ፕረ/ ኒክሰን ብወንጀላዊ ክስን ግዝእተ-ሕጋዊ ጥፍኣትን ኣብ ሕጊ ምስተቓረበ፡ "ብፍቓደይ ካብ ስልጣን ወሪደ ኣለኹ" ኢሉ ኣብ መራኸቢ-ብዙሓን ሓቢሩ ካብ ከረሻ ስልጣን ወረደ።

ሂወቶም ንሓደጋ ዘሳጥሐ ተወፋይነትን ህርኩት ጻዕርን ናይዞም ክልተ ጋዜጠኛታት እንተዘይነብር ከምኡ ድማ ናይቶም ሽዑ ዝነበሩ ናይ ፖስት ኢዲቶርያዊ ሓለፍቲ ቀራጽ ሓሞት እንተዘይነብር እዚ ዝረኣናዮ ጉዕዞ ታሪኽ ፍልይ ዝበለ ከይዲ ምሃለዎ ኔሩ።

ብስም ማሕበርናን ብስም እቶም ብቕንዕና ንህዝቢ ጋዜጣዊ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ እንከለዉ ብኣባላት ጸጥታ መንግስቲ ኤርትራ ተኣሲሮም ሃለዋቶም ዝተሸርቡ ጋዜጠኛታትን ብስም ኣብ መላእ ካናዳ ዘለዉ ደልይቲ ፍትሒ ኤርትራውያንን ንኣቶ ካርል በርኒስቲን፡ ኣቶ ቦብ ዉድዋርድ ከምኡ ድማ ናይ ፖስት ሓለፍትን ኣካየድትን ወ/ሮ ካተሪን ግራሃም፡ ኣቶ በንጃሚን ብራድሊ፡ ኣቶ ሃዋርድ ሲሞንስ፡ ኣቶ ሃሪ ሮዘንፈልድ፡ ኣቶ በሪ ሱስማን ናይ ክብርን ሞጎስን መልእኽትና ነቕርበሎም።

ከምዚ ናይ ዋሺንግቶን ፖስት ትጉህ ጋዜጣዊ ዕዮታት እንዳፈጸሙን ንምምሕዳር ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝፈጸሞም ጉድለታት እናኣቃልዑን ከለዉ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ September 2001 ንነጻ ፕረስ ረጊጡ፡ ን18 ጋዜጠኛታት ኣሲሩ ኣብዚኣ ኣተው ዘይብሉ ሸራብዎም ይርከብ።።እቶም ኣብ መስመር ቕንዕናን እንጀራን ከለዉ ተኣሲሮም ዝተሸርቡ ጋዜጠኛታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. <u>ዩሱፍ መሓመድ ዓሊ</u> *(ጋዜጣ ጽገናይ)*
2. <u>ዘመንፈስ ሃይለ</u> *(ጽገናይ)*
3. <u>ገብርሂወት ቀለታ</u> *(ጽገናይ)*
4. <u>ማቴዎስ ሃብተኣብ</u> *(መቓልሕ)*
5. <u>ዳዊት ሃብተሚካኤል</u> (መቓልሕ)
6. <u>ሰላምይንገስ በየነ</u> *(መቓልሕ)*
7. <u>መድሃኔ ሃይለ</u> *(ቀስተ ደመና)*
8. <u>ተመስገን ገብረየሱስ</u> *(ቀስተ ደመና)*
9. <u>ኣማኑኤል ኣስራት</u> *(ዘመን)*
10. <u>ዳዊት ኢሳቕ</u> *(ሰቲት)*
12. <u>ፍስሃየ ዮውሃንስ</u> *(ሰቲት)*
11. <u>ስምረት ስዩም</u> *(ሰቲት)*
13. <u>ቢንያም ሃይለ</u> *(ሓዳስ ኤርትራ)*
14. <u>ስዒድ ዓብዳልቅድር</u> *(መጽሄት ኣድማስ)*
15. <u>*ግራዚያ ፎቶግራፋይ* ስዩም ተስፋይ</u>
16. <u>ሓሚድ መሓመድ ስዒድ</u> *(ኤሪ - ቲቪ)*
17. <u>ሳዕዲያ</u> *(ኤሪ - ቲቪ)*
18. <u>ሳልሕ ኣልጀዛሪ</u> *(ድምጺ ሓፋሽ)*

---

<u>ኣብ ዋሺንግቶን ፓስት በዓል መን መን ነበሩ።</u>

**Carl Bernstein(Reporter), Bob Woodward(Reporter), Katharine Graham(Publisher), Benjamin C. Bradlee(Executive Editor), Howard Simons(Managing Editor), Harry M. Rosenfeld(Metropolitan Editor), Barry Sussman(D.C. Editor)**

***ምንጪ፡*** **<u>ALL THE PRESIDENT'S MEN CARL BERNSTEIN AND BOB WOODWARD</u>**

## ጥብቆ

## ክብረ-ሞጎሳዊ መልእኽቲ ንዲፕ ስሮት

ኣብ 1972 ውዲት ናይ ዋተርገይት ብዕልግና ምስተኸስተ፣ ምምሕዳር ፕረሲደንት ሪቻርድ ኒክሰን ንምሽፍፋኑን ፍትሒ ንምብርዓንን ኣበርቲዑ ክንቀሳቐስ ጀመረ። ናይ ዋሺንግቶን ፖስት ሪፖርተራት ቦብ ዉድዋርድን ካርል በኒስቲን ድማ ነቲ ናይ ዋይት ሃውዝ ውዲታት ብብግዚኡ የቃልዕዎ ነበሩ። ንኽልተ ዓመት ድማ ኣብ መንጎ ዋይት ሃውዝን ጋዜጣ ፖስትን ብርቱዕ ናይ ምኽሻሕን ኢ-ምኽሻሕን ርብርባዊ ጥምጥማት ተኻየደ። ኣብ August 9, 1974 ድማ ኒክሰን ኣብ ቴሌቪዥን ቀሪቡ "ካብ ፕረሲደንትነት ብፍቓደይ ይወርድ ኣለኹ . . ." ኢሉ ገለጸ።

ኣብዚ ንሓደ ብልሹው ፕረሲደንት ናይ ኣሜሪካ ካብ ስልጣኑ ዘውረደ ናይ ዘመንና ዝዓበየ ክሻሓ፣ ሓደ መንነቱ ሕቡእ ዝገበረ ሰብ ንሪፖርተር ቦብ ዉድዋርድ ምስጥራዊ ሓበሬታታት ብምቕባል ናይ ዋይት ሃውዝ ውዲታት ኣብ ዋሺንግቶን ፖስት ክምዝቃላዕ ይገብር ነበረ። እዚ ሕቡእ ሰብ "ዲፕ ስሮት"( Deep Throat ) ብዝብል ሳጓ ይጽዋዕ ነበረ። እዚ ሳጓ ናይ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዕዳጋ ፍሉጥ ዝነበረ ናይ ቅለት ፊልም ስም ነበረ። ዓሞቕቲ ምስጢራት ዝፈልጥ ቀንዲ ምንጪ ናይ ጋዜጣ ፖስት ድማ ነበረ።

ዲፕ ስሮት ምስ ሪፖርተር ዉድዋርድ ኣብ ስዉር ቦታ ብምስጢር እናተራኸበ ምስጥራዊ ሓበሬታት የስንቖ ነበረ። ዲፕ ስሮት ንዉድዋርድ ናብ ጉንዲ ናይቲ ውዲት ከቕልብ ከም ዘልዎ ብዕዘት ይእምተሉ ነበረ። ንኣብነት ንውዲታዊ ተግባር መን ይምውሎ ከምዘሎ ንምጽናዕ ጉዕዞ ረሳሕ ገንዘብ "ተኸታተሎ"(" Follow that money") ይብሎ ነበረ።

እታ ናይ መጀመርያ ድቂ ናይ ምቅላዕ፣ ዋሺንግቶን ፖስት "እቶም ስብራ ኣብ ዋተርግይት ፈጺሞም ዝተኣሰሩ፣ ክልተ ካብኦም ኣብ ጁባታቶም ኣብ ዝጸንሑ ናይ መዝገበ-ኣድራሻታት፣ ናይ ሃዋርድ ሁንት(ኣማኻሪ ናይ ዋይት ሃውዝ) ቁጽሪ ስልኪ ተጻሒፍዎም ተረኺቡ" ኢላ ገለጸት። በዚ ከኣ እቶም እሱራት ምስ ምምሕዳር ኒክሰን ዝተኣሳሰሩ ምኻኖም ንህዝቢ ክትእመተሉ ከኣለት።

<u>ምምሕዳር ኒክሰን ዝፈጸሞም ገለ ውሑዳት በደላት ወይ ወንጀላት</u>

1972 - ርእሰ-ዘርዓይ ሕጊ ናይ ኤፍ.ቢ.ኣይ. ዝነበሩ፣ ስሙ-ዝናዊ ጀይ. ኢጅጋር ሁቨር ድሕሪ ሞማቶም፣ ኒክሰን ካብ ክሊ ኤፍ.ቢ.ኣይ. ወጻኢ ንኣቶ ኤል. ፓትሪክ ግራይ ዝተባህሉ፣ ናብቲ ክፍቲ ቦታ ሸሞም። ኒክሰን ነቲ ትካል ንክጉዕጽጾ ስለዝሓለነ ኢዩ፣ ንኣቶ ግረይ ካብ ደገ ኣምጺኡ ናብቲ ኣገዳሲ ቦታ ኮፍ ዘበሎም። ኒክሰን ምኽሻሓት ብኽሻታት እናኾንዎ ምስ ከደ፣ ኤፍ.ቢ.ኣይ. ዘይመባልዕቱ ምዃኖም ነብሱ ክነግሮ ጀመረ። ነቶም ኣብቲ ቢሮ ዘለዉ ድማ ብጠቕላል ካብ ሸቕለት ከባርሮም ህርድግድግ በለ።

1971 - ዳንኤል ኢልስበርግ ዝተባህለ ኣባል ናይ ፐንታጎን፣ ምስጢራት ዝሓዘሉ ናይ ውግእ ቬትናም ወረቓቕቲ ናብ መራኸቢ-ብዙሓን ኣስሎኸ። ኢድራውሊኮታት ኒክሰን ድማ ነዚ ሰልኮታት ንምዕባስ ዝዓ ለመ ናብ ኦፈስ ናይ ሓደ ዶክተር ስብራ ኣካይዶም ዘረፋ ናይ ፋይላት ፈጸሙ። እቲ ኦፊስ ኢልስበርግ ዶክተራዊ ረድኤት ዝረኽበሉ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕክምናዊ ኦፊስ ነበረ።

1970 ናይ ኣመሪካ ወራር ኣብ ካምቦድያ ኮነ ናይ ቬትናም ውግእ ብምቅዋም ዝኣደሙ ተመሃሮ ናይ ከንት ስተይት ዩኒቨርሲቲ (ከንት፣ ኦሃዮ) ኒክሰን ዕጡቓት ሓለውቲ ጸጥታ ብምልኣኽ ነቲ ኣድማ ብኣረሜንነት ጨፍጨፎ። ኣርባዕተ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ድማ ኣብቲ ጭፍጨፋ ብጥይት ተቐዝፉ።

ዲፕ ስሮት ን33 ዓመት መንነቱ ኣመስጢሩ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ June 1, 2005 መን ምዃኑ፣ ባዕሉ ንመራኸቢ-ብዙ ሓን ኣቃለዐ። ንሱ ምክትል ዲረክተር ናይ ኤፍ.ቢ.ኣይ. ነበር ኣቶ ዳብሊው. ማርክ ፌልት ዝተባህሉ ዜጋ ኮይኖም ተረክቡ። ኣቶ ፈልት ነቲ ኹሉ ናይ ኒክሰን ዘይፍትሓዊ ተግባራትን ውዲታትን ብጥበብ ካብ ፋይላት ኤፍ.ቢ.ኣይ. ናብ መራኸቢ-ብዙሓን ከምዝሰሉኽ ብምግባር ህዝቢ ኣሜሪካ ንእንታይነት ኒክሰን ኣጸቢቑ ከምዘለልዮ ብምግባር ከም ውጽኢቱ ከኣ ካብ ኮረሻ ስልጣን ከምዝወርድ ዝገበሩ መስተውዓሊ ሓርበኛዊ ኣሜሪካዊ ኢዮም። ዲፕ ስሮት ኣዚዩ ምኩር ዘርዓይ ሕግን በዓ ል በሊሕ ኣእምሮን ምንባሩ ካብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ክንርዳእ ንኽእል። ዲፕ ስሮት ንዋተርገይት ዝምልከት ብዙሓት ብድሆታት ከምዘለዉ ኣብ ግምት ኣእቲዎ ነበረ።

1. <u>ኤፍ.ቢ.ኣይ. ዋላኻ ኣብ ኣሜሪካ እቲ ዝዓበየ ዘርዓይ ሕጊ ይኹን፣ በይኑ እቲ ትካል ንኒክሰን ኣብ ፍርዲ ከቕርቦ ከምዘይክእል</u> ኣብ ልቡ ኣስተውዓለሉ።

2. <u>ኒክሶን ኣዚዩ ሓደገኛ ሰብ ምዃኑ ድማ ብጊሓቱ ኣለለዮ።</u> ስለ ኮረሻ ስልጣን ከኣ ኩሉ ዓይነት ገበናት(ተንኮል፣ ጠቐነ፣ ሽርሒ፣ ውዲት ክሳብ ቅትለትን ምፍራስ ግዝእተ ሕግን) ዝገብር ወይ ከኣ ክገብር ምዃኑ ኣጸቢቑ ኣስተውዓለ።

3. ንኒክሰን ዝኾነ ዓይነት ዘርዓይ ሕጋዊ ግንጽል ክቐትሎ ከምዘይክእል በጽሖ። <u>ብርዒ መራኸቢ-ብዙሓን እታ እንኮ ክትቀትሎ ትኽእል ብረት ምዃና ድማ የዐርዮ ተገንዘበ</u>።

4. ኒክሰን ጥራይ ዘይኮነ ዋይት ሃውዝ ብጠቕላላ ከም ፒራሚድ ካብ ልዕሊ ጀሚርካ ክሳብ ታሕቲ ዓበይ ቶም ንኡሶም ብልሹዋት መኳንንቲ ከም ዝኾኑ ተገንዘበ። ኣብ ኩሉ ዓይነት ጸይቕታት ምትሕብባር ዘሎዎምን ኣብ ነንሕድሕዶም ዝሸፋፈኑ ምዃኖምን ድማ ፈለጠ። እዚ ፒራሚድ ንምፍራሱ ኣዚዩ ኣጸ ጋሚ ከም ዝኾውን፡ ኻኸይቅላዕ ከኣ ስዉር ቅትለታ ክፍጸሙ ከምዝኽእሉ የዕርዩ ተገንዘበ። ንዕኡ ኮነ ንኻልእ ከቢድ ሓድጋ ሞት ከም ዘሎ ኣስተውዓለ።

ኣቶ ፈልት ኣብ ኤፍ.ቢ.ኣይ. ድሕሪ ሁቨር ካልኣይ ዝለዓለ ዘርዓይ ሕጊ ክነሱ፡ ኒክሰን ንዓኡ ኮነ ካልኦት ገዳይም ናይ ኤፍ.ቢ.ኣይ. ብጮቱ ሰጊሩ ካብ ግዳም ንጓና ኣቶ ግረይ ዲረክተር ብምሻሙ፡ ዲፕ ስሮት ብርቱዕ ውሽጣዊ እንጽርጽሮት ነበሮ። እዚ ከኣ ኣብ ልቢ ዲፕ ስሮት ዘየደቕስ ፍዴታ ሕነ ከምዝህሉ ገበረ። እቶም ካልኦት ሽፍታዊ ተግባራት ናይ ኒክሰን ተደማሚሮም ከኣ ነቲ ድጉል ፍዴታ በርቲዑ ከምዝግንፍል ካታላይዝ ገብሮ። ህላወ ናይ'ዚ ፍዴታ ንህዝቢ ኣሜሪካ ኮነ ንዉድዋርድን ንበርንስቲንን ዓቢ ምጉንጻፍ ዕድል ነበረ።

ኣብዚ ፖርትረይት ምሩቕ ቦብ ዉድዋርድ መጺኡ ይሕወስ፡ መስርሕ ታሪኽ ድማ ይጅምር። ንዉድዋርድ ንሶም ኢዮም ዝመጽዎ ዝነበሩ፡ ዋላ'ኳ ብኣካል ንሱ ምስጢራት ንኽገፍፍ ናብኦም ይኸይድ እንተነበረ። ቀጺሉ በርንስቲን ኣብ'ቲ ስእሊ ይኣቱ፡ ጉዕዞ ታሪኽ ድማ ይውንጨፍ ሓኒኑ ንኽዘብጥ ኒክሰን።

ዲፕ ስሮት ከኣ ዋላ ንውልቃዊ ፍዴታኡ ክብል ይበገስ፡ ንህዝቢ ኣሜሪካ ካብ ሕሱም ኣራዊት ኣናጊፍዎ ኢዩ። እቲ ፍዴታ፡ ጥበብ፡ ተምኩሮ፡ ሓርበኝነት ናይ ዲፕ ስሮት ከም ስሙ ዲፕ እንተዘይነብር ንፕረሲደንት ኣሜርካ ካብ ስልጣን ከተውርድ ዝከኣል ኣይኮነን።

ስለቲ ንህዝቢ ዓለም ተመኩሮ ንህዝቢ ኣሜሪካ ከኣ ፍትሒ ዝወለደ ናቶም ቅያዊ ሓርበኛዊ ኣስተዋጽኦ ብስም ማሕበርናን ብስም ኣብ ውሽጥን ደገን ፍትሒ ንምምጻእ ዝረባረብ ዘሎ ሓርበኛዊ ተቓላሰይ ህዝብና፡ ንኣቶ ዳብሊው. ማርክ ፈልት ናይ ክብርን መጎሰን መልእኽትና ነቕርበሎም። እዚ ፍሉይ ጽሑፍና ድማ ነዞም ጥበባዊ ሰውራዊ መምህር ኣወፊናዮ ንርከብ።

ተጣበቕቲ ንመሰል ነጻ ጋዜጠኛታት
June 5, 2005

ሰለሙን ሃብተ
ሓላፊ ጉዳታት ኮሙኒኬሽን
seliehab@yahoo.ca

---

መተሓሳሰቢ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዲፕ ስሮት ኣብ June 1, 2005 መንነቱ ምስቀልዐ፡ ንዓና'ውን ሓደጋ ወደቐና። ዲፕ ስሮት ክልተ መዓልቲ ቅድሚ መንነቱ ምቕልዑ ንተመኩሮ ናይ ዋተርገይት ብዕልግና ዝምልከት ኣብ ጽሑፍና ኣስፈርና፡ ናብ ሕትመትን ዝርጋሐ ኢንተርነትን እናተጓየና ኮሎና፡ እታ ናይ ዲፕ ስሮት ናይ ምስጢር ቦምብ ኣብ መድረኽ ዓለም ተፈጀረት።

May 30, 2005 መራኸቢ-ብዙሓን(ገጽ-1ን ገጽ-2ን) ዲፕ ስሮት መንነቱ ቅድሚ ምቕልዑ ተጻሕፈ። በቲ ኦሪጅናል መልክዑ ድማ ከይለወጥና ነቕርበልኩም ኣሎና።

June 1, 2005 ዲፕ ስሮት መንነቱ ቀልዐ።

June 4, 2005 ጥብቆ፡ ክብረ-ሞጎሳዊ መልእኽቲ ንዲፕ ስሮት(ገጽ-3ን፡ ገጽ-4ን) ዲፕ ስሮት መን ነቱ ድሕሪ ምቕላዕ ንኽብሪ ዲፕ ስሮት ዝጸሓፍናዮ ስነ-ጽሑፋዊ ጥብቆ ኢዩ።

---

ተጣበቕቲ ንመሰል ነጻ ጋዜጠኛታት
ቶሮንቶ፣ ካናዳ

**ክፋል - 2**

## እዋናዊ ኩነታት ቶሮንቶ

ዓለምና ኣብዚ እዋን'ዚ ብብልሽውናን ናይ ግበረለይ ክገብረልካ በለጻትን ክቱር ተዋሒጣ ኣብ ትርከበሉ መዋእል ቅንዕና፣ ልቦና፣ ማዕተብ ዝበሃሉ እናጠፍኡ መጺኦም። ንኣብነት ኣብ ቶሮንቶ ጋዜጣ መፍትሕ ንኤረ-ቶሮንቶናውያን ፖለቲካዊ ጾም ዘለዎ ተሳታፍነት ጥራይ ከምተፍቅድ ገለጸት። እንተኾነ መፍትሕ ፖለቲካ ምዝራብ ሓሊፉስ፣ ንህግደፍ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ጥቕምታት ዝህብ ወረታት ምንዛሕ፣ ኣብ ጉዳያት ኮምዩኒቲ ወገን ምውሳድን ከቢድ ኢድ ኣእታውነትን፣ ጠቐነታት ኣብ ልዕሊ'ቶም ደለይቲ ፍትሒ ዝኾኑ ተቓለስቲ ኤረ-ቶሮንቶናውያ ከተካይድ ሓገየት።

እታ ጋዜጣ ዝኾነ ዓይነት ፖለቲካዊ ምምርሳሕ ክይገበረት ፖለቲካዊ ጸዋሚትን ጸግዒ ናይ ማንም ፖለቲካዊ ወገን ዘይብላ ቅንዕቲ ጋዜጣ ተዝኾውን፣ ንሕና'ውን ናታ ዘይፖለቲካዊ ፎርማት ከነኽብረላን ከም ማንም ፖለቲካዊ ርእይቶ ከኣ ናይ ዘይፖለቲካነት መሰል'ውን ሕሉው ክኸውን ከምዘለዎ መትከላዊ እምነትና ኢዩ። ኻልኦት ፖለቲካዊ ጾም ንዓኻ ግን ስዕሮ ክትገብሮ ግን ቅንዕና ኣይኮነን።

*መፍትሕ ኣብ ናይ ለካቲት 4, 2005፣ ሕታማ "ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ካናዳውያን ቶሮንቶ፣ ኣገልግሎት ምሃብ ኣቋሪጹ" ብምባል መሰረት ዘይብሉ እልመት ጸሓፈት። ከምኡ'ድማ "ቃለ-መጠይቕ ምስ ኣማኑኤል መለስ . . . " ዝብል ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ስታይል ዘዘኻኽር መጠነ ሰፊሕ ዑብታ ዝመልኦ ማራቶናዊ ጽሑፍ ኣውጸአት። ኣብዚ ማራቶን መፍትሕ ኣርባዕት ሙሉእ ገጻት ንጎይታ ኣማኑኤል ወፈየት። ኣማኑኤል ድማ ከም ናይ ወዳጅ ኣንነትን ጃህራን ቦግታን ዓ ዶኽዶኽ በለልና።*

ከም በዓል ኣማኑኤል ዝኣመሰሉ፣ ናታቶም ስነ-ኣኣምራዊ ድርኺትን ውልቃዊ ድፍኢትን ፈሊጥካ ሕማማቶም ምልላይ ሓጋዚ ኢዩ ንተመኩሮ ቃልስና። ኣብዚ ዘለናዮ መበል 21 ክፍለ ዘመን፣ ኣብዘን ምዕራባውያን ሃገራት ሓደ ርኡይ ዝኾነ ናይ ዕብለላ ስነ-መጎት ነጊሱ ይርከብ። እዚ ስነ-መጎት ከምዚ ዝስዕብ ፍልስፍና ይእምት።

> ኣብዚ እዋን ዓለም ንረብሓኻ ክትጥምዝዛ ትኽእል ሓየልቲ ናይ ሚድያ
> ናውትታት ወይ ከኣ መላይን ዶላራት ብትውንን ጥራሕ ኢዩ።

እዚ ፍልስፍና ብምኽታል ድማ ኢዮም ከም በዓል ኣማኑኤል ዝኣመሰሉ ቅልፆታውያን ወይ ከኣ *ፓብሊስትስ(PUBLISTS)* ተባሂሎም ዝጽውዑ ጽላዋታቶም ዘወርትግ ከዕብዩን ተሰማዕነቶም ዝያዳ ከኽብዱን ሓርኮትኮት ዝብሉ። ኣብዚ ሓርኮትኮት ዝኾነ ዓይነት ናይ መራኸቢ-ብዙሓን ኣቕሓ ንምውናን ድቃስ ዘይብሎም ይሓድሩ። ንኣብነት ኣማኑኤል ኣብ ኣዝማሪኖ ዳት ኮም ዘካይዶ ዝነበረ ቅልፆታዊ ዘመተ፣ ክሳብ ክንደይ ትጉህ ናይ ቅልፆት ጭዋ ምዃኑ ዘመስክረሉ ኢዩ።

ናይ ሚድያ ጎላይድ እኒ ኣሜሪካዊ ቴድ ተርነር(CNN)፣ ኣውስትራሊያዊ ሩፐርት ሙርዶች፣ ብሪጣንያዊ ሮበርት ማክስወል ወይከኣ ካናዳዊ ኮንራድ ብላክ ንዓለምና ደድሕሪ ኣፎም ክትዛረብን ንየኦም ክትሰግድን ዝገብሩ ዓበይቲ ጽልዋውያን ኢዮም። ሕጂ ከኣ ኤርትራዊ ኣማኑኤል መለስ ከቋርሮ ኸሎ ኩሎም ኤረ-ቶሮንቶናውያን ምስ ኮምዩኒትኦም ሕንጥሸው ሕንጥሸው ከምዝብሉ ንምግባር ኢዩ እቲ ኹሉ መደብ ናይ ቅልፆታዊ ሓርኮርኮት። እቲ ኣብ መፍትሕ ዝወጽእ ዘሎ ቃለ-መጠይቓዊ ወይ ኮሚዩኒታዊ ሃተፍተፉት ድማ ኣካል ናይዚ ሕንጥሸዋት እዩ።

ክቡራን ኤረ-ካናዳዊያን ኩልና ከነስተውዕሎ ዘሎና፣ ገለ ኤርትራውያን ቅልፆት ተጠቒሞም ዝንኦም ሰማይ ናብ ስትራቶስፌር ክሰቕሉ ድቃስ ኣብ ዝስእንሉን መፍትሕ ፖለቲካዊ ጾም ኣብ ትብለሉ እዋንን፣ ኣብ ኤርትራ ኣዴታናን ኣቦታናን ካብ ክቱር ጭቆና ብጓህን ሓዘንን ተደዊኖም፣ የሕዋትናን ኣሓትናን ድማ ኣብ ከብዲ ዓዶም ብኣባላት ጸጥታ ኢሳያስ "ኮብለልቲ" እናተባህሉ ክህደኑን ከም ወኻርያ ክብርግጉን ኢዮም ዝውዕሉ ዘለዉ።

ተጣበቕቲ ንመሰል ነጻ ጋዜጠኛታት